ትካልና መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጅነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ናይ ዘገልገሉ ጎማታት ፣ ካለማደርያ፣ ፍላፕ፣ በራሚልን ናይ መኪና ባትሪን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለዝደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 19, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 10, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰነ 10, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ምልክታ ጨረታ

ትካልና መስፍን ኢንዳስትሪያል ኢንጅነሪንግ ሓላ/ዝተ/ው/ማሕበር ናይ ዘገልገሉ ጎማታት ፣ ካለማደርያ፣ ፍላፕ፣ በራሚልን ናይ መኪና ባትሪን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለዝደሊ ድሌትን ዓቅሚን ዘለኩም ነጋዶ ካብዚ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቑሒታት ንክትሳተፉ ኩባንያና ይዕድም።

ናይ ጨረታ ረቑሒን ኩነታትን

1. ናይ'ዚ ጨረታ ተሳታፊ ናይ 2015/2016 ዓ.ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፈቓድ ከቅርብ ዝኽእል ክኾውን ኣሎዎ።

2. ተጫረቲ ንጨረታ ዝቐረበ ዘገልገለ ኣቑሑ 27/5/2024 G.C. ክሳብ 08/6/2024 G.C. ን14 መዓልቲ ኩሉ ጊዜ ካብ ሰዓት 2:00-11:00 ኣ.ግ ክርኡ ይክእሉ።

3. ተጫረቲ ዝተሓደሰ ንግድ ፈቓድ ግብሪ ከፋሊ ምዝገባ ምስክር ወረቀትን ተጨማሪ እሴት ታክስ ሰነዳት ዝምለስ ኦርጅናልን ዘይምለስ ፎቶ ኮፒ ብምሓዝ ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ዕለት 27/5/2024 GG ክሳብ 08/6/2024 G.C ኩሉ ጊዜ ብስራሕ ሰዓት ካብ ሰዓት 2:00-11:00 ኣ.ግ ኣብ ዘሎ ጊዜ ብር 300.00 (ሰለስተ ሚእቲ ቅርሺ) ብምክፋል ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት መቐለ ካብ ኮርፖሬት ሳፕላይ መምርሒ ክረክቡ ይኽእሉ።

4. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነዶም ነዚ ተባሂሉ ኣብ ኮርፖሬት ሳፕላይ መምርሒ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ካብ 27/5/2024 ክሳብ 10/6/2024 GC. ሰዓት 4:00 ኣ.ግ ከእትዉ

5. ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 50,000 (ሓምሳ ሽሕቅርሺ) ምስ ጨረታ ሰነድ ኣተሓሒዞም ከእትው ይግባእ።

6. ጨረታ ዕለት 10/6/2024ኣ.ኤ ሰዓት 4:00 ንጉሆ ኣግ ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣ.ግ ድሌት ዘሎዎም ተጫረቲ ወይም ወከልቶም ኣብ ዘለውዎ ይኸፈት።

7. ተጫረቲ ኣብ ናይ ካሊእ ተጫራታይ ዋጋ ተደሪኾም ዋጋ ምእታው ኣይካኣልን።ጨረታ ዶክመንት ማህተምን ፊርማን ናይ ተጫራታይ ክዓርፎ ኣለዎ። ኣብ ዝኣተወ ፖስታ ብምለሱለይ ብምንም መልክዑ ክምልስ ኣይከኣልን።

8. ተጫረቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ምኻኑን ዘይምኻኑን ክጠቕሱ ይግባእ። እንተዘይ ተጠቒሱ ግና እቲ ዘቕረብዎ ዋጋ ቫት ከም ዘይሓወሰ ተገይሩ ይሕሰብ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ተጫረቲ ንሕድሕድ ኣቅሓ ነፀላ ዋጋን ጠቅላላ ዋጋን ከርእዩ ዝግባእ እንትኮን ናይ ድምርን ስልሕትን ጌጋታት እንተሃሊዩ ተጫራታይ ሓላፊነት ይወስድ ትካልና ናይ ተጫራታይ ስልሕት ጌጋታት ናይ ምእራም ሓላፊነት ኣይወስድን።

10. ሰዓሪ ተጫራቲ ንጨረታ ዝቐረበ ዝሰዓሩዎ ኣቑሑ ኩሉ ብቑፅሪን ብበዝሕን መሰረት ከልዕሉ ይግባእ።

11. ሰዓሪ ተጫራቲ ጨረታ ምስዓሮም ምስ ተነገሮም ኣብ ዉሽጢ 3ተ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስሩን ዝሰዓሩዎ ንብረት ብዉዕሊ መሰረት ከልዕሉ ይግባእ፤ እንተዘይኮይኑ ግና ንመክበሪ ጨረታ ዘትሓዞዎ ጥረ-ገንዘብ ንትካል ኣታዊ ኮይኑ ትካል ካሊእ መማረፂ ይወሰድ።

12. ሰዓሪ ተጫራቲ ንብረት እንትርከቡ ናይ በዝሒ ኣፈላላይ እንተጋጢሙ በቲ ዝተረኸበ በዝሒ መሰረት ኣቕሑ ናይ ምቅባል ግዴታ ኣለዎ ።

13. ሰዓሪ ተጫራቲ ምስዚ ጨረታ ምልዓል ዝተትሓሓዙ ኩሉ ዓይነት ወፃኢታት ማለት ናይ ሰብ ሓይሊ፡ ናይ ትራንስፖርት---ወዘተ ኩሉ ባዕሉ ክኸፍል ይግባእ፤ ትካልና ምስዚ ጨረታ ዝተትሓሓዘ ምንም ዓይነት ናይ ሰዓሪ ተጫራቲ ወፃኢታት ኣይሸፍንን።

14. ትካልና እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ

ብስልኪ ቑፅሪ +251 914708567 ወይድማ +251914726169ምድዋል ይክእሉ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle